# ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ጉድጓድ

**መደብ ብጋህድን ሓቅን ካብ ኤርትራ ወጻኢ ቍ. 7**

**ኣወሃሃድን ኣቕራብን ቀለታ ኪዳነ**

**ክቡራትን ክቡራንን ከመይ ቀኒኹም?**

እታ ንመሪሕነት መንግስቲ ኤርትራን ባይቶን ዝፈላለየትን ኣብ ፖለቲካ ሃገርና ሓድሽ ሕማቕ ምዕራፍ ዝኸፈተትን ዕለትን ወርሕን ዓመትን ካብ ትሓልፍ ድሮ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ኰይኑ ኣሎ። እወ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ብዘይ ፍርዲ፡ ብዘይ ስድራ ቤታዊ ምብጻሕ፡ ብዘይ ነዚ መዓልቲ እዚ ክወጽእየ ኢልካ ተስፋን ትጽቢትን ዘይብሉ፡ ብዘይ ናይ ለይቲ ኮነ መዓልቲ ድቃስ ዘይተረኽቦ፡ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ጽምዋ ትኣሲሮም ኣሕሊፎሞ ኣለዉ። (ብሂወቶም እንተልዮም ማለትዩ)። ኣይኮነዶ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት፡ ዓሰርተ ሓሙሽተ ስዓት እውን ኣብ ጉድጓድን ኣብ ጽምዋን ኣብ ሕሱም መነበብሮ ዘለዎ በረኻን ትኣሲርካ፡ እሞ ካብ ስድራቤትካን ቤተሰብካን ህዝብኻን ዓለምን ተፈሊኻ ብፍላይ ነቶም ምእንቲ ህዝቢ ኤርትራን ናጽነቱን ሓርነቱን ኣብ ቃልስን በረኻን ኣብ ምግዳል ዕድመ ንእስነቶም ዘሕለፉ ሰባት ቀሊል ኣይኮነን።

እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍኤ ከኣ እቲ ንኽንድዚ ዓመታት ብኸምዚ መንገዲ'ዚ ከእስሮም ይኽእል ድዩ ተበሂሉ ዝዝረበሉ ሰብ ዝሰምዖን ዝፈልጦን ገበን ክትዝክሮ ከሎኻ'ዩ። ንምኳኑ እቶም ነዚ ታሪኽ እዚ ዝመሃሩዎን ዝፈልጡዎን ናይ መጻኢ ወለዶ ዝኾኑ ደቅናን ደቂ ደቅናን ነዞም ሎሚ ዘሎና ወለዶን መንግስትን ብኸመይ ኮን ክመዝኑናን ክዝክሩናን ይኾኑ? ናይ ብሓቂ ዘትሓሳስብ ኢዩ።

ብዕለት 18 መስከረም 2016 ነቲ ዕለት ምኽንያት ብምግባር ብደምበ ተቓውሞ ብፍላይ ከኣ ካብ ናይ ስመር ፓልቶክን ረድዮ ኤረናን ዝተወሃሃደ ንህዝቢ ኤርትራ ዝመሓላለፍ ናይ ረድዮ መልእኽትታት ከም ዝነበረ ናይ ሓንቲ ካብተን ውድባት ኣባልን ተሳታፋይ ፓልቶክ ስመርን ዝኾነ ብጻይናን ፈታዊናን ስለዝሓበረና ተኸታቲልናዮ ነርና። ረድዮ ኤረና ከም ናይ ሃገራውያን ጋዜጠኛታት መቃለስን ንጉዳይ ሃገር መጕስጕስን መጠን ብዛዕባ እቶም ብዘይ ፍትሕን ብዘይ ፍርድን ንዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ትኣሲሮም ዘለዉ ሓርበኛታት ዝገበሮ ምዝካርን ዘርኣዮ ተገዳስነትን ክምስገን ዝግብኦ ኢዩ።

እቲ ክተሓላለፍ ዝሰማዕናዮ መልእኽትታት ህዝቢ ግን መብዛሕትኡ ነቶም እሱራትን ንቤተሰቦምን ዝኸውን ናይ ምጽንናዕን ምትብባዕን ናይ ተኻፈልቲ ሽግራቶምን ምትሕብባር ዝገልጽ ዘይኮነስ ንህዝቢ ኤርትራ ህዝባዊ ናዕቢ ገሩ ንመንግስቲ ኤርትራ ክቃወምን ካብ ስልጣን ከውርዶን ዝጕስጕስ ምንባሩን ግን ካብቲ ንዓና ኮነ ንብዙሓት ዝገረሞም ጉዳይ ኢዩ ነሩ። ምኽንያቱ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከምኡ ከም ዘየሎ ስለንፈልጥ።

ብድሕሪኡ ነቲ ዓርክና ደዊልና እንታይ ድኣ ንመንግስቲ ኤርትራ ክግምጥለልኩም ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ምሕታትሲ ዝከኣል እንተኾይኑ ባዕልኹም ዘይምኸድኩም? ንምኳኑ ህዝቢ ኤርትራኸ ካልእ መተካእታ ከይሓዘ ነዚ ዘሎ መንግስቲ ክቕየር ይደልዮ ድዩ? ዋላ ድሌት እንተሃለዎኸ ኣድማን ዕግርግርን ክገብር ዓቕሙን ኵነታቱን የፍቅደሉ ድዩ? ወረ ሕራይ የልግሶ ከኣ ብድሕሪኡኸ ነቲ ኣብዚ ወጻኢ ሃገር መስሪትኩሞ ዘሎኹም ንመንግስትነት ክመርሕ ዝኽእል ተቓውሞ ሓይሊ ክጽበ ድዩ ወይሲ ነቲ መንግስቲ ኣልጊሱ ነታ ሃገር ንጸላእቲ ፈንዩ ክገድፋ ኢኹም ትሓቱዎ ዘሎኹም? ብማለት ዋዛ ሕውስውስ ኣቢልና ተወኪስናዮ ነርና።

ክምልስ ከሎ ብስሓቕዩ ጀሚሩ። እምበኣር ንሕናስ ንመንግስቲ ዝትክእ ሓይሊ ኣሎናዩ? ብማለት ከኣ እንደገናዩ ንዓና'ዩ ሓቲቱና። ኣብ መወዳእታ ከኣ ሎሚ ንደምበ ተቓውሞ በዚ መጹ ዘይብሃሉ መን ከም ዝሰደዶም ዘይንፈልጥ ስሞም ኮነ መንነቶም ዘይገልጹ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መንጎኹም ዝስልዩ ሰባት ሰሪዑልኩም ኣሎ ተጠንቀቑ ብማለት ነንሓድሕድና ከም ዘይንትኣማመን ዝገልጹን ንኽብትትኑና ዝጽዕሩን ዝተፈላልየ ናይ ብርዒ ኣስማት እምበር ናይ ሓቂ ኣስማቶም ኮነ መንነቶም ዘይፍለጡ ኣብ ፓልቶክ መጺኦምና ኣለዉ። እዞም ሰባት እዚኣቶም መን ከም ዝሰደዶም ዘይነረጋግጽ እኳ እንተኾነ ገለ ንደምበ ተቓውሞ ንምብታንን ንምድኻምን መንግስቲ ኤርትራ ዝሰደዶም ናይ ስለያ ኣሃዱ'ዮም ክብል

ከሎ፡ ገለ ከኣ ከምዚ ዝኣመሰለ ንህዝቢ ኤርትራ ጽልእን ቅርሕንትን ንምእታው ዝዕሰቡ ደቂ ሃገር ካብ ወያነ ሓሊፉ ካልእ ዝልእኮም ሰብ ከም ዘይህሉ እዮም ዝዛረቡ ዘለዉ ብማለት ሓበሬታ ዝበሎ ኣካፊሉና።

ቀጺሉ ቀንዲ ስርሖምን ዕላማኦምን ከኣ ታሪኽ ህዝባዊ ግምባርን እቲ ውድብ ካብ እዋን ብረታዊ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝፈጸሞም ገበናት ዝብሎዎን ብጥይት ይኹን ብጎዘሞ ከምኡ'ውን ብዝተፈላለየ መሳርሒታት ብዛዕባ ዝቐተሎምን ዘጥፍኦምን ተጋደልቲን ብምግላጽ እቲ ሓቂ ታሪኽን ገበናትን ህዝባዊ ግምባር ነዚ ሓድሽ ወለዶ ንምህሮን ነረድኦን ኣሎና ብሃልቲ ኢዮም። እዞም ኣብ ዝልዓለን ማእከላይን ሓላፍነት ኣብታ ምስጢራዊት ሰልፊ ህዝባዊ ግምባር ከይተረፈ ነርና ዝብሉ ካድራት ፓልቶክ ልክዕ ኣስማቶም መነመን ምዃኑን ኣብ ህዝባዊ ግምባር ኣብ ምንታይ ምንታይ ቦታታት ከም ዝነበሩን ሕቶታት ዘይቀረበሎም ኣይኮነን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ ግን ናይ ሎሚ መንእሰይ ብዘይካ ክፉእ ጽቡቕ ክሰምዕ ከሎ ደስ ስለዘይብሎ እቲ በዞም ሰባት እዚኦም ዝቐርበሉ ናይ ጽልእን ቅርሕንትን ሓበሬታን ጸብጻብ ገበናት ህዝባዊ ግምባርን ኣፉ ሃህ ኣቢሉ ዕምባባታት እናነስነሰ ክሰምዖም ከም ዘምሲ ኢዩ ኣረጋጊጹልና።

እቲ ሕቶ ግን ብዘይካ ንህዝቢ ምፍልላይን ምድኻምን ሎሚ ጸብጻብን ታሪኽን መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ሰሚዖም ኮነ ገበን ዝመልእ ድሕረ ባይታ ፈሊጦም ክገብሩዎን ክልውጡዎን ዝኽእል ነገራት ዘይምህላዉ ኢዩ።

ብዝኾነ ዓርክና ከም ዝሓጨጭናሉን ቍስሉ ከም ዝጐዳእናዮን ዘይተረድኦ ኣይኮነን። ኣይኮነንዶ ንሃገር ክንኣቱ ከኣ ዋላ ኣብዚኣ ኣብ ስደት እውን ትኣማሚንና ከይንመያየጥን ብዛዕባ ሃገርና መፍትሒ ከይንደልን ኣጸጊሙና ኣሎ። እዚ ስርዓት ኣስመራ ዓቕሚ እንተዘይስኢኑ ካብዘን ኣብ ስደት ንነብረለን ዘሎና ሃገራት ኤውሮጳን ኣሜሪካን ከይተረፈ እውን ከየስጕጐና ዘሰክፍ ኢዩ ብማለት ከኣ መንግስቲ ኤርትራ ዋላ ኣብ ስደት እውን ክሳብ ክንደይ ከም ዘይገደፎም ብምግናን ክገልጸልና ምፍታኑ ንምርድኡ ኣየሸገረናን።

እቲ ናይ ሎሚ ቀንዲ መበገሲናን ኣርእስትናን ምኽንያትናን ብዛዕባቶም ቅድሚ 15 ዓመታት ዝተኣስሩ ናይ ፖለቲካ እሱራት ስለዝኾነ ግን ዝኾነ ይኹን ሰብ ህሉው ኵነታት ሃገርናን ዝንባሌ ፖለቲካን ብዘየገድስ ነዞም ከምቲ ናቶም ንሃገሮምን ንህዝቦምን ዝተጋደሉ ደቂ ሰባት ክረኽቡዎ ዘይግብኦም ግፍዒ ዝረኸቡን ብዘይ ፍርዲ ዝተኣስሩን ኣብ ሕሱም ዘስካሕክሕ ኵነታት ዝወደቑን ላዕለዎትን ተራ ተጋደልትን ጋዜጠኛታትን ዝኾኑ ኤርትራውያን እሱራት ኵልና ከም ሰብ መጠን ክንድንግጸሎምን ክንጕህየሎምን ዝግባእ ኢዩ።

ነዛ ጽባሕ ኣምላኽ ዝወስዳ ትንፋስ ከይፈራሕናላን ከይተሰከፍናላን ነቲ ዘሎን ኣብ ጕዳይ ሃገርና ዝመስለና ሓቂ ብጋህዲ ክንጽሕፍን ክንገልጽን ከኣ ድሕር ኣይክንብልን ኢና። እቶም ዝፈትዉና ኮነ ዝጸልኡና ቍጽሮም ክውስኽ ድዩ ክጐድል ብዘየገድስ ከኣ ሎሚ ነቲ ብጋህዲ ጥራሕ ዝብል ዝነበረ ብሓቂ ዝብል እውን ወሲኽናሉ ኣሎና።

ብጋህዲ ክንብል ከሎና ግን ሓደ ንዝርኣዮን ዝሰምዖን ኣግሂዱ ዝዛረብ ሰብ ብባህልና ወይ ጽሉል ወይ ከኣ ዓሻ ኢዩ። ምኽንያቱ ኣግህድ ኣቢልካ ምዝራብ ምስ ሕብረተሰብና ንኽናብረካ ኣዝዩ ጸጋሚ ኢዩ። ባህልና ንሕማቕ ጽቡቕ እናበልካ፡ ንዓሻ ከማኻ ለባም የልቦን እናበልካ፡ ንጨካን ሕያዋይ ከምዚ ከማኻ ዝኣመሰለ ኣይተራእየን ኢልካ እናመስገንካ ፡ ትናበረሉ ስለዝኾነ ኣግህድ ኣቢልካ ሓቂ ምዝራብ ዳርጋ ኣይኮነዶ ምስ ሰብ ክናብረካስ ንሓደ መዓልቲ እውን ብሰላም ኣየውዕለካን ኢዩ።

እቲ ሎሚ ዘዛርበና ዘሎ ነዞም ቅድሚ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ትኣሲሮም ንብሎም ዘሎና ሰባት ዘእሰሮም ንገዛእ ርእሱ እውን ሓደ ካብቲ ኣግሂድካ ምዝራብ ወይ ምጽሓፍ ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎና። ዝበደለ ዝተጋገየ ብሕጊ ክኽሰስን ክቕጻዕን ዝነበረን ዘሎን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ እውን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ንሕጊ ኣጸቢቑ ዝፈልጦን ዘኽብሮን ህዝቢ ኢዩ። ነዞም ሰባት እዚኦም ካብ ዘእሰሮም ሓደ ምኽንያት ሕጊ ጥሒሶም ወይ ኣፍሪሶም ዝብል እንተዘይኰይኑ ከኣ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። እቲ በዞም ሰባት ዝፈረሰን ዝተጣሕሰን ዘቕጽዖምን ገበን እንተልዩ ግን ካልኦት ንኽፈልጡዎን ከምኡ ዝኣመሰለ ሕጊ ምፍራስን ገበንን ከይፍጽሙ ገበኖም ግሉጽ ኰይኑ ህዝቢ ክፈልጦን ክምሃረሉን'ዩ ዝግባእ ዝነበረ ዝብል እምነት ኣሎና።

ንምዃኑ ገበኖም እንታዩ?

ኣብ ዝርዝር ገበናቶም ምእታውን ምትንታንን ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ከይከውንሲ ብወገንና ብዘይካተ ብቤላ ቤለው ንሰምዖ ሃገር ጠሊሞምዶ ሃገር ክሒዶም? ዝበሃል ከምኡውን ንወያነ ትዓሲቦምዶ ንሲ ኣይ ኤ ሰለይቲ ኰይኖም ጸኒሖም? ዝብል እንተዘይተጋጊና ኣብ ፍርድ ቤት ቀሪቦም ክሶምን ገበናቶምን ተነጊሩዎም ዝኣመኑሉ ወይ ዝኸሓዱሉ ጉዳይ ዘሎ ኣይመስለናን። ካልእ ሃገር ኣብ ጸበባ ኣብ ዝነበረትሉ ጊዜ ሓደገኛ ዝኾነ ምንቅስቓስ ገሮም ዝበሃል እውን ይስማዕ ኢዩ። ብርእይቶና ግን  እቲ ሓቂ እዚ ዝበሃል ዘሎ ምኽንያታት ኢዩ ዝብል እምነት የብልናን።

እቲ ምኽንያት ዝኾነ ይኹንከ ካብ ህዝቢ ዝሕብኣሉን ምስጢር ዝትሓዘሉን ክሶም ኮነ ፍርዶም ከይፈለጡ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ጉድጓድ ትኣሲሮም ዝቕጽዑሉ ምኽንያትሲ ንመጻኢ ህላዌናን ንታሪኽናን ጽቡቕ መልእኽቲ ዘተሓላልፍ ድዩ? ብዘይ ፍርዲ ኣብ ማእሰርቲ ክበልዩን ክጠፍኡን ዝወሰነሎምን ዝፈረዶምንከ መንዩ? ብየናይ ሕጊ? በየናይ ስልጣን? ናይዚ ሕቶታት እዚ መልሲ ከምቲ ኣምሓራ ዝብሉዎ (ሓይል ካለ ሕግ ምናባቱ) ማለት ብሓይሊ ዝብል ኢዩ።

ንሱ ጥራሕ እውን ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታኸ በቲ ብወረ ዝስማዕ ብኽሕደት ሃገር ድዩ ብኻልእ ተኸሲሶም ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡ ድዮም ወይሲ ብኡ ገሮም ሓቓቐም ተረሲዖም ክተርፉ? ምናልባት ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡ ኢዮም ዝበሃል እንተኾይኑኸ  ድሕሪ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ብዘይ ፍርዲ ምእሳር እንታይ ዝኣመሰለ ፍርዲ ክወሃቦም ይኽእል ንፈራዲ ይጭነቖ ጥራሕ ኢዩ።

ብዛዕባቲ ከዲዖምዶ ጠሊሞምዶ ዝበሃል ግን ንሳቶም ባዕላቶም ኣብቲ መንግስቲ ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮም ንባዕሎም መንግስቲ ኢዮም። እሞ መንግስቲዶ ንመንግስቲ ይጠልሞ ኢዩ? ንሳቶም መንግስቲ እንተዘይኮይኖምከ እቲ መንግስቲ ዝበሃል መንዩ? ብርእይቶና ዋላ ኣብቲ ምኽንያት እውን ከእምን ዝኽእል ካልእ ምኽንያት  እንተዝወሃብ ጽቡቕ ምኾነ ነሩ ዝብል እምነት ኣሎና።

<u>ነዚ ብዝምልከት ሓደ ናይ ሓቂ ታሪኽ ከነዕልለኩም።</u>

ኣብ ጊዜ መግዛእቲ ደርጊ እቶም ኣብ  ሰሜናዊ ባሕሪ ፍሽይ ምራራ ዓስኪሮም ዝነበሩ ወትሃደራት ኮማንድስ   ለቓቕም መስ ከዱ መተካእታኦም ነቲ ሰፈርን ህዝብን ዝተቐጻጸሩዎ ተጋደልቲ ህዝባዊ  ግምባር ብፍላይ ከኣ ሓይሊ በርሄ ጻዕዳ ኢዮም። ሰሜናዊ ባሕሪ መሬት ዶሜንያለ ንብረት መንግስቲ ስለ ዝኾነ ኣብዚ ቦታዚ ዝሰፈሩን ሓሪሶም ዝነባበሩን ኣምሓሩ፡ ተጋሩ፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ዓሌታት እውን ብዙሓት ኢዮም። ብድሕርዚ መንግስቲ ደርጊ ንሓደ ኣብቲ ቦታ ተወሊዱ ዝዓበየ ግን ከኣ ወትሃደራት መንግስቲ ነቲ ቦታ ክገድፉዎ ከለዉ ምስኣቶም ነስመራ ዝኣተወ ትግራዋይ ኣብቲ ቦታ ተመሊሱ ኣብ ህዝብን ከብትን ዝሰትዩዎ ማያት መድሃኒት ክገብርን ጉድኣት ክፍጽምን ይልእኩዎ።

ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ ግን መድሃኒታት ቅድሚ ኣብ ማያት ምእታዉ ጓሶት ስለዝርኣዩዎን ዘለለዩዎን  ቀልጢፎም ነቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ኣባላት ህዝባዊ ግምባር ይሕብሩ እሞ  እዚ ሰብ ምስ መድሃኒቱ ይትሓዝ። መርመራ ምስ ተገብረሉን ትሓባበርቲ እንተልዮሞ ምስ ትሓተን ከኣ እወ ንበይነይ ኣይኮንኩን። ብዙሓት ትሓባብርቲ ኣለዉኒ ብማለት ነቶም ዅሎም ኣብቲ ቦታ ዝነብሩን  ንህዝባዊ ግምባር ብኹሉ ሓይሎም ዝድግፉን ዝቃለሱን እግሪ ዘትከሉዎን ደቀባት ብሙሉኦም ከም ትሓባበርቱ የመዝግቦም።

ህዝባዊ   ግምባር ከኣ ተጋደልቲ ሰዲዱ ንዅሎም ኣኪቡ ናብ ሓለዋ ሰውራ ኣውሒተት ዝተባህለ ቦታ የውርዶም። ገበንኩም ባዕልኹም ተዛረቡ ብማለት ከኣ መርመራኡን መግረፍቱን  ይጅምር። እዞም ሰባት እዚኦም  ዝገበሩዎ ንሶም ዝፈልጡዎ ሓጥያት ኣይነበረን። ተገሪፎም ዘውጽኡዎ ምስጢር እውን ኣይተረኸበን። እታ ዅሎም ዝኣመኑላን ህዝባዊ ግምባር እውን ትፈልጣ ዝነበረት ጉዳይ ንህላዌኦምን ድሕነቶምን ክብሉ ምስቶም ወትሃደራት ኮማንድስ ጽቡቕ ዝምድና መስሪቶም ከም ዝነበሩን ኣብ ልዕሊኦም ኮነ ኣብ ልዕሊ ንብረቶም ዝወርድ ጉድኣት ከም ዘይነበረን ኢዩ። እቲ ቀንዲ መእሰሪኦም ንሱ ስለዘይነበረ ግን ካልእ ድኣ ገበንኩም ባዕልኹም ተዛረቡ እናተባህሉ ማእሰርቶምን መግረፍቶምን ይቕጽል ነሩ።

ኣምላኽ ድሓኑ ክብሎም ግን ሓደ ካብቶም ላዕለዎት መሪሕነት ሻዕብያ ብኻልእ ስራሑ ናብቲ ቦታ ይመጽእ'ሞ እዞም ከም ወዶም ዝርእዩዎን ዝፈትዉዎን ንሱ እውን ዝፈትዎምን ዝኣምኖምን ዓበይቲ  ገባር ገሊኦም ድሮ ተገሪፎም ገሊኦም ግን ከይተገርፉ ኣብኡ ይጸንሑዎ። እንታይ ተረኺቡ እንታይ ኣምጺኡኩም? ኢሉ ይሓቶም። ዋላ እዝጊሔር ነየፍለጠና!

ብማለት ከኣ ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝወረደ ጸገም ይገልጹሉ። እዚ ተጋዳላይ ብጣዕሚ ይሓዝን። ገበኖም እንታይ ምዃኑ ድሕሪ ምሕታት ከኣ እዚኦም ምስ ሓደ መድሃኒት ክገብር ካብ ጸላኢ ዝተላእከ ትግራዋይ ትሓባበርቲ ምዃኖም ስለዝተኸሰሱ ምዃኖም ይሕበር።

ሰብኣይ ገሪሙዎ እዚኦም እቶም ንርእሶም ጥራሕ ዘይኮነ ንዓና ነቶም ኣባላት ህዝባዊ ግምባር ዝቐልቡን ዝሰርሑን ብእምነት ዘገልግሉን ሰባት ኢዮም። መድሃኒት ክገብሩ እንተኾይኖም ከኣ ብቐዳምነት ዝሞቱ ደቆምን ጥሪቶምን ኢዮም። እሞ ነዚ ክሲ እዚ ኣሚንኩምሲ ነዞም ሂወትና ዝኾኑ ገባር እዚ ኩሉ ግፍዒ ከተውርዱሎም? ስለምንታይ ዘይትመራመሩ? ስለምንታይ እቲ ክሲ ሓሶት ከይከውን ዘይትጥርጥሩ? ብማለት ምስቶም ሓልዋ ሰውራ ብፍላይ ከኣ ምስ ኣሽዓል ( ወዲ ዘርኤ) ከም ዝተባእሰ ምስጢር ኣይተሳእነን።

ድሒሩ እንደገና መርመራ ምስ ተገብረሉ ግን እቲ ትግራዋይ እወ ብጾተይ ኣይኮኑን። እንተኾነ ክሲ ዘቕረብኩሎም ነቲ ገድሊ ክሳብ ክንደይ ከም ዝሰርሑሉን ዘገልግሉዎን ምዃኖም ስለዝፈልጥ ሞት ዘይተርፈኒ ለኪመዮም ክጠፍእ ስለዝመረጽኩ ኢየ ይብሎም። ብዝኾነ መልእኽ ኲይኑ ንድሕነቶም ፈጣሪ ስለዝለኣኸሎም ከኣ ካብ ሓለዋ ሰውራ ብሰላም ተፋንዮም ንገዝኦምን ኣብ ስድራ ቤቶምን ተመሊሶም መብዛሕትኦም ናጽነት ኤርትራ ክርእዩን በቒዖም።

ኣብ ሓደ ሃገር ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ሃገራዊ ጥልመትን ክሕደትን ከም ዝገብር ዝሰሓት ኣይኮነን። ግናኸ ኵሉ መመንገዱን ዘምስልን ሓቂ ኣለዎ። እዞም ህዝቢ መሪሑም ሃገር ዘምጽኡ መራሕቲ ብሃገራዊ ክሕደትን ጥልመትን ክኽሰሱ ግን ከምቶም ብፈውሲ ምግባር ዝተኸሰሱ ገባር ሰሜናዊ ባሕሪ ማንም ክኣምኖን ክቕበሎን ዘይክእል ምኽንያት ኢዩ። <u>ኣብ ኤርትራ ናይ ፖለቲካ እሱራት የብልናን። ብዛዕባቶም ንሃገር ዝኸሓዱን ዝጠለሙን ብዝገብሮ ኣትሓሕዛ ግን መንግስቲ ኤርትራ ክምስገን እምበር ክውቀስ ኣይግብኦን ኢዩ</u> ንዝበሃል መግለጺ ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ግን ውዒሉ ሓዲሩ ብሓላፍነት ዘሕትት ኢዩ።

እሞ እቲ ኣግሀድ ኣቢልካ ሓቂ ምዝራብን ምጽሓፍን ከምቲ ንብሎ ዘሎና ንዓና’ውን ሳዕቤን ድኣ ከየምጽእልና እምበር እቲ ሓቅስ ንባዕሎም መንግስቲ ስለዝኾኑ ካልእ ዝኽሕዱዎን ዝጠልሙዎን መንግስቲ የልቦን። መእሰሪኦም ንፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ በዳሂ ሕቶታትን ተቓውሞን ስለዘቕረቡሉ ምዃኖም ዘይፈልጡ ኤርትራውያን እንተሃልዮም ከኣ ብርእይቶና ነቲ ሓቂ ክፈልጡን ክኣምኑን ዘይደልዩ ደቂ ሃገር ጥራሕ ኢዮም።

ኤርትራ ብኽንደይ መስዋእቲ ዝመጸት ንእሽቶን ብዙሓት ዓበይትን ንኣሽቱን ጸላእቲ ዘለዉዋን ሃገር ብምዃና እቶም መራሕታ ኣርሒቖምን ኣከባብያኦምን ብምጥማት ንግርጭታቶም ብስምምዕን ብምርድዳእን ክፈትሑዎ ግቡእ ከም ዝነበረ ፍሉጥ ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ እታ ሃገር ናይ ኵላትና ደቂ ሃገር እንተኾይና ህዝቢ ኤርትራ እውን ኣብ መንጎ መራሕቱ ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ምኽንያቱ ክፈልጦን ክመያየጠሉን እምበር ክሕብኦ ዝግባእ ኣይመስለናን። እዚ ብሓደ ወገን ብመንግስቲ ጥራሕ ብዛዕብኦም ዝውሃብ መግለጽን ምኽንያት መእሰርን ግን ዝኣምኑዎን ዝቕበሉዎን ብዙሓት ሰባት ከም ዘይኮኑ ንምግምጋም ዘጸግም ኣይኮነን።

<u>ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ተፈጥሮኡ ለባምን ፍትሔኛን ‘‘ዘረባ ክልተ ከይሰማዕካ ኣይትፍረድ’’ ዝብልን ጥንቁቕ ህዝቢ ኢዩ።</u>

እቲ ቀንዲ ጸገም ሃገርናን መንግስቲ ኤርትራን ግን ህዝቢ ዝመስሎ ክዛረብን ርእይቶኡ ክገልጽን ዕድል ምኽልካሉ ኢዩ። ሎሚ ንሕና ሳላ እቶም ኣቐዲሞም ዝተቓለሱን ኣብ ሃገሮም ናጽነት ናይ ምዝራብን ሓሳብካ ምግላጽን መሰረት ዝተኸሉ ሃገራት ዕድል ረኺብና ዝመስለና ርእይቶን ሓሳባትን ሃገርና ከይተረፈ ከነቕርብ ምኽኣልና ከኣ ክሳብ ክንደይ ዕድለኛታት ኢና። ንህዝብና ከምዚ ናትና ዕድል ክረክብ ከኣ ኢና ንቃለስን ንሰርሕን ዘሎና። ደቂ ሰባት ዝመስሎም ክዛረቡን ክጽሕፉን መሰሎም ምዃኑ ዘይምፍላጥን ዘይምእማንን ከኣ ኣብ መንግስቲ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኤርትራውያን ዘይተለምደን ተቐባልነት ዘይረኸበን ጒዳይ ስለዝኾነ ግን ደጋጊምና ክንገልጾን ክንጽሕፎን ክንጽዕረሉን ይግባእ።

ከምቲ ቅድሚ ሎሚ እውን ዝገለጽናዮ ንሕና ናይ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ጸግዒ የብልናን። ብዛዕባ ኣብ ጒዳይ ሃገርናን ህዝብናን ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዘራኽብን ኣብ ክቱር ቅርሕንቲ ዝተመስረተ ጽልኢ እውን የብልናን። እቲ ዘዛርበና ዘሎ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ይፍጸም ኣሎ ንብሎ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ገበናትን መቕጻዕትን ወገናትና ጥራሕ ኢዩ።

ከም ሰብ መጠን ጌጋ መሲሉ ንዝተራኣየና ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ዝእረመሉ መንገዲ ክንሓትትን ነቲ መንግስቲ ኮነ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ዓገብ ክንብልን ከኣ ካብቲ ንኣምነሉን ተበጊስናሉ ዘሎናን ዕላማ ሓደ ኢዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ሜዳ ኤርትራ ምውጽኣ ንህዝባዊ ግምባር ብዘይ ተጻብኦ ህዝቡ መሪሑ ናጽነት ከምጽእ እኽኢሉዎዩ ዝብሉ ኣለዉ። በቲ ካልእ ወገን ግን ህዝቢ ኤርትራ እብ ሓደ ውድብን ኣረኣእያን ጥራሕ ወዲቑ ኣማራጺ ስለዝሰኣነ ንህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ሃስዩዎን ጐዲኡዎን ኢዩ ኢሎም ዝኣምኑ እውን ሒደት ኣይኮኑን። ጀብሃ ንህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነ ንሓደ ሓደ ካብ ህዝባዊ ግምባር ዝሃደሙ ተጋደልቲ ከይተረፈ ተዕቁብን ተድሕንን ከም ዝነበረት እውን ታሪኽ ዘይርስዖ ኣብ ርእሲ ምኧኑ ህያው መሰኻኽር እውን ብሂወት ዘሎናዮ ኢዩ።

ናይ ተጋድሎ ሓርነት ታሪኽ ግን ካብ ሜዳ ኤርትራ ብምውጻእ ጥራሕ ኣየብቅዔን። ብ1980/81 ካብ ሜዳ ኤርትራ ምስ ወጸት ክሳብ ሎሚ ንሰላሳን ሓሙሽተን ዓመታት ኣብ ኣርብዓ ሓምሳ ውድባት ተመቓቒላ ንስም ሃገርናን ህዝብናን ለኪማን ኣጸሊማን ስምምዕን ምትእምማንን ሓሪሙዋ ናይ ጸላእትን ተጻባእትን ንወያነ ከይተረፈ ዝለኣኹን ዘገልግሉን ልኡኻትን ዕሱባትን ዘርኢ ዝኾኑ ደቂ ሃገር ኣፍርያ ትርከብ ዘላ ውድብ ኢያ። ሎሚ እውን ገለ ኣባላታ ነበር ህዝቢ ኤርትራ ለውጢ ከምጽኣሎምን ንመንግስቲ ህዝባዊ ግምባር ሰጕጐ ንዓኣ ካብ ጉድጓድ ኣውጺኡ ስልጣን ከረክቦምን ብመራኸቢ ብዙሓን ክጕስጕሱን ኣብ ስዉኣት ምንእኣስን ባንዴራ ምንዳድን ኣብ ሃለውለውን ተዋፊሮም ንሓድነት ህዝቢ ክፈታተኑ ይርከቡ ኣለዉ።

መራሕቲ ህዝባዊ ግምባር እንታይ ገበናት ፈጺሞም ክንደይ ሰባት ቀቲሎም ብኻራ ድዩ ብጎዘሞ ወይስ ብጥይት ቀቲሎም ንዝመጽእ ብታሪኽን ብሕግን ክሕተቱሉ ከም ዝግባእ ንኣምኖን ንቕበሎን ጉዳይ ኢዩ። እቲ ውድብ ትማሊ ለይትን መዓልትን ምስ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነ ምስቶም ዝድግፉዋ ዝነበሩ ሓያላት ከይተረፈ ገጢሙን ህዝቡ መሪሑ ተቓሊሱን ኣቃሊሱን ተዋጊኡ ስዒሩን ትኣምራት ዝሰርሔን ናጽነት ዘምጽኤን ውድብ ኢዩ። ሎሚ ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ኣዝዩ ዝተበደለን ዝተገፍዔን ኰይኑ ዝርከብ ዘሎ ግን እቲ መብዛሕትኡ ንሃገር ናጻ ዘውጽኤን ንህዝቡ መሪሑ ዝተቓለሰ ሰራዊትን ሓፋሽ ውድባትን ህዝብን ዝኾነ ሕብረተሰብ ህዝባዊ ግምባር ኢዩ።

ንህዝባዊ ግምባር ብሰንኪ እቲ መሪሕነቱ ዝጸልኡዎን ዘወቕሱዎን ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም። እቲ ዝበዝሕ ህዝቢ ኤርትራ ግን ዕድመ ንእስነቱ ዘሕለፈሉን ንድሕነት ህዝቡ ተቓሊሱ ዝተዓወተሉን ስለዝኾነ ንህዝባዊ ግምባር ከም ታሪኹን መንነቱን ዝቖጽሮ ኢዩ።

ንብድሕሪ ሕጂ እውን ኣብዚ ሎሚ ዘሎ ዕድመ መዋእል ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብኡ ንላዕሊ ዝተጠርነፈን ዝሓየለን ውደባ ስለዘየሎ ኣብ መጻኢት ዲሞክራስያዊት ኤረትራ እውን ንዕኡ ተሳጊሩ ዝሓልፍ ካልእ ሓይሊ ክህሉ ኣዝዩ ነዊሕ ዓመታት ከድሊ ኢዩ። ኣብኡ የብቅዓና ጥራሕ። ነዚ ርእይቶና ዝቃወሙዎ ጥራሕ ዘይኮነ ዝጸልኡዎ ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም። ከም ርእይቶ ክቕበሉዎ እምበር ክኣምኑዎ ግን ናይ ግድን ኣይኮነን።

ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኰንካ ደቅኻ ሓቝፍካ እናምሃርካን ንመዓልቲ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ጊዜ እናበላዕካን እቲ ህዝቢ ኤርትራ እውን ከማኻ ዘሎ ስለዝመስለካ ምስ ህዝቢ ግብጽን ሊብያን ቱኒዝያን ከተመሳስሎ ምፍታን ግን ኣዝዩ ዝገርምን ዘሕዝንን ኢዩ።

እሞ ሎሚ ገለ ገለ ዘይሓልፍነታውያን ተበለጽቲ ኣብ ኣሜሪካን ኤውሮጳን ኮይኖም ህዝቢ ኤርትራ ኣድማን ዕግርግርን ጌሩ ንመንግስቲ ኤርትራ ክኣልየሎም ይጕስጕሱዎ ምህላዎም ንሰምዖ ኣሎና። እዚኣቶም ንቓልሱን መስዋእቱን እናኣነኣሱን ፡ ንተጋደልቱ ክጻረፉን ንባንዴራኡ ከንድዱን እናውዓሉን ህዝብና ኣድማ ገሩ ንመንግስቲ ኤርትራ ከልግሰሎምን ከባርረሎምን እሞ ንው በሉ እተዉ ኣልጊሰልኩም ኣሎኹ ክብሎም ክጕስጕሱ ክውዕሉ ክንሰምዕ ከኣ ኣዝዩ ዝገርም ኢዩ።

እሞ እቶም ህዝቢ ኤርትራ ኣድማ ብምግባር ተቓሊሱን ተሰዊኡን ስልጣን ከረክቦም ኣብ ኣሜሪካን ኤውሮጳን ኣብ ካልእን ኰይኖም ዝጽበዩን ቍልጭ ዝብሉ ዘለዉን ግን ኣብቲ ብህዝቢ ኤርትራ ክግበር ዝጽበዩዎ ዘለዉ ህዝባዊ ናዕቢ ክካፈሉን ባዕሎም ክመርሑዎን እቶም ተቓወምቲ ንኤርትራ ክኣትዉ ህዝቢ ኤርትራ እንተዓደሞምሲ ሕራይ ድዮም እምቢ ክብሉ?

**ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ነቶም በጃ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝሓለፉ ጀጋኑ**